## ዲፕሎማሲ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ሃገራት ክምስረት ዘለዎ ናይ ረብሓ ዝምድናታት ደኣምበር፡

## ብታሕቲ ታሕቲ ክብሪ ህዝብኻ ኣዋሪድካ ጎይቶት ትልምነሉ ዓውዲ ኣይኮነን።

ሓላፍነታውያን መንግስታት ኣብ ናይ ስልጣን ዕድሜኦም ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ከስገኦም ዝርአ፡ ጉዳይ ሃገር ኣብ ዓውዲ ዲፕሎማሲ'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ዲፕሎማሲ ክልተኣዊ ረብሓ ዝሰረቱ ኮይኑ፡ ኣብ ኣተሓሕዛኡ ኣዝዩ ጥንቃቐን ግልጽነትን ዝጠልብ ብምዃኑ'ዩ። ዲፕሎማሲ ኣብ ግጭትን ምሽኽኻዕን ኣይምስረትን። ውሑስ ሰላም ኣብዘይተረጋገጸሉ ኣይጅመርን እንተተጀሚሩ ከኣ ፍረ ኣይህብን። ዲፕሎማሲ ሞያ ደኣምበር ከም ዕዳጋ ኮንትሮ ባንድ ዝሓዝካ ሒዝካ ኣምልጥ ዓይነት ባህርያት ዘለዎ ኣይኮነን። ነዚ ከኣ'ዩ'ም ሓላፍነታውያን መንግስታት መሰረት ቅኑዕ ዲፕሎማሲ ዘቤታዊ ርግኣትን ምዃኑ ስለ ዝፈልጡ፡ ቀዳምነት ውሽጣዊ ኩነታቶም ኣብ ምርግጋእ፡ ደሞክራስያዊ ትካላት ኣብ ምጥያስ፡ ልዕልና ሕጊ ኣብ ምስፋን ዝረባረቡ። ውሽጣዊ ኩነታቶም ምስ ኣረጋግኡ፡ ብመሰረት ሕገ-መንግስቶም ወከልቲ ህዝዝቢ ማለት ሃገራዊ ባይቶ ምስ መን እንታይ ዓይነት ዝምድና እንተገበርና ይሓይሽ ኢሉ ኣጽኒዑ ብዝበጽሖ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ኣካል ወይ መንግስቲ ብታሕቲ ታሕቲ ዘይኮነ ብወግዒ ንህዝቦም ኣፍሊጦም ዝወፍሩ። ወፍሮም ከኣ ካብ ቀረባ ጎደበኦም ይጅምርዎ'ሞ ደረጃ ብደረጃ ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ናብ ዘለው ህዝብታትን መንግስታትን ይስፍሕዎ።

ኤርትራ ብዓይኒ ጥዑይ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኣብ ከመይ ኩነታት ኣላ ልቢ ኢልና ንመልከት። ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ርግኣት ስለ ዘይብላ፡ ህዝባዊ ሕገመንግስታዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ ስለ ዘይብላ፡ ብህዝቢ ዝተወከለ መንግስታዊ ስልጣን ስለ ዘይብላ፡ ኣብ ዓውደ ዲፕሎማሲ ንጽልትን ግልልትን'ያ። መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ኤርትራ ፊን እንከብሎ ምስ ክስቶ ከም'ዚ ገይርና ኢሉ ክምድር ይስማዕ'ዩ። ኣብ ባይታ ግን ንከምኡ ዝኸውን ዝተነጸፈ ስራሕ የለን። ዝተገብረ ትርጉም ዘለዎ ወግዓዊ ዝምድና ድማ የለን። ኮነ ኢሉ ውሽጣዊ ኩነታቱ ከይረጋጋእ ክዝረግ ዝገበረ ጉጅለ፡ ንህዝቢ ዘርብሕ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ክገብር ብዝኾነ መዕቀኒ ዝከኣል ኣይኮነን። ውሽጣዊ ኩነታታን ኣብ ጎረባብትን ዓለምን ዘለዋ ጽልዋን  ከኣ ነዚ ሓቂ'ዩ ዝምስክር። ንህዝቡ ዘየኽብርን ብህዝቡ ዘይእመንን ስርዓት፡ ካብ ሃገሩ ወጻኢ ምስ ዘለው ህዝብታትን መንግስታትን ተኣማኒ ክኸውን ኣይክእልን። ከም ባህሪ ከኣ ብክልተኣዊ ረብሓታት ተገዚኡ ክኸይድ ኣይሕሰብን። ጭቡጥ ኣተሃላልዋኡ ከኣ ነዚ'ዩ ዘመልክት። ባህሪኡን ተግባሩን ብከም'ዚ ዝንበብ መንግስታዊ ጉጅለ ኣብ እከለ ሃገር ዝቕመጡ ኣባላት ህግደፍ ዕውት ህዝባዊ ዲፕሎማስያዊ ስራሓት ኣካይዶም፡ ሚኒስተር እከለ ምስ እከለ ተራኺቡ ክብል ምስማዕ እንታይ ገይራስ እንተትሓንከለይ ዝብል ምስላ የዘኻኽረካ።

ዕውት ዲፕሎማስያዊ ወፍሪ'ኮ ካብ ጥዕና ዘለዎ ዘቤታዊ ዕዮ'ዩ ዝነቅል። ገዛኻ ኣርሲሕካ ዃሌታኻ ኣጻዕዲኻ በጃኹም ልኣኹኒ ወይ መሓሩኒ ክትብል ብዝግበር ዘብዘብ ዝግለጽ ኣይኮነን። ኣብ ንቡር መንግስታዊ ኣካይዳ ዘየለ ሃላሊ ጉጅለ፡ ብዛዕባ ንቡር ክዛረብ መሊሱ መኽዓቢኡ'ዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ምስ ጎረባብቲ ኮነ ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ኤርትራ ምስ ዝርከባ ሃገራት፡ ህዝብታትን መንግስትታን ኣብዝን ኣብዝን መሰረት ዝገበረ ርክባት ገይርና፡ ከም'ዚ ዝበለ ውጽኢት ከኣ ረኺብናሉ ኢሉ ብጭብጢ ክቕርቦ ዝኽእል የብሉን። ተሓቢኡ ክወፍር ተሓቢኡ ክምለስ፡ ኣብ ደስ ዝበሎ ከኣ ሓደ እዋን ኣብ እከለ ዝተባህለ ዓዲ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ተኻይዱ፡ ሚኒስተር እንከለ ምስ እከለ ተራኺቡ እናበለ ንሃልኪ ህዝባዊ ርክባት ብዘቕርቦ ነፍሕታት ዘይንሱ መሲሉ ክቐርብ ምፍታኑ ንለባማት ሓላፍነታውያን ኤርትራውያን ሕፍረት'ዩ።

ምኽንያቱ ንዜጋታትን ህዝብታትን ኤርትራ ዝጠለመ፡ ሰብኣዊ መንነቶም ንዕዳጋ ዘውረደ ጉጅለ፡ ናብ ርሑቕ ይውፈር ናብ ቀረባ፡ ኣብ ክስቶ ምስ ክስቶ ተራኺበ ኢሉ እንተነብሐ ዝኽዕቦ ደኣምበር ዝቕበሎ የሎን። ኣብ ስልጣን ንምቕናይ ካብ ወጻእተኛታት ዕቑባ ይሓትት ምህላው ብሩህ'ዩ። እዚ ጉጅለ ካብ ዝበዝሕ ኤርትራዊ ዝተነጸለ'ዩ። ብደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም'ውን ዝተፈንፈነ'ዩ። እቶም ከይደዮም ኣዘራሪበዮም ኢሉ ዝገልጾም መንግስታት፡ ማዕጾኦም ከርሕውሉ እንከለው መንነቱ ስለዘይፈልጡ ኣይኮኑን። ኣብ ሃገሩ ንህዝቡ ከመይ ከም ዘመሓድር፡ ምስ ናይ ቀረባ ጎረባብቱ ከመይ ዝበለ ህይወት የሕልፍ ከም ዘሎ ከይፈለጡ ኣይኮኑን። ሕርሕራይ ገይሮም ፈሊጦም፡ እንታይ ሂብና ናበይ ንልኣኮ፡ ወይ ካብ ትሕተባይታዊ ማዕድናዊ ጸጋታት ኤርትራ እንታይ ክንጥቀም ንኽእል ኢሎም  ዝገብርዎ ዘለው'ዩ።  በቲ ንቡር ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ተኣማኒ ከምዘይኮነ፡ ምስኡ ክልተኣዊ ረብሓታት መሰረት ዝገበረ ዝምድና ክግበር ከምዘይከኣል ኣይስሕትዎን። ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ምሕደራኡ ባዕሉ ይፈልጥ ክሳብ ዝተላእከናን ኣብ ኤርትራ ንገብሮ ወፍሪ ክሳብ ዝፈቐደልናን ረብሓና ዘይተጻበኣናን እንታይ ገደሰና ኢሎም'ዮም ዘተኣናግድዎ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 10-03-2017